**Telecommunications Industry Ombudsman**

# ኣብ ተሌፎንኩም ወይ ናይ ኢንተርኔት ኣገለግሎትኩም ጸገም ኣለኩም ድዩ?

ክንሕግዘኩም ንኽእል ኢና።

**tio.com.au**
1800 062 058



# ብዛዕባ ተሌፎን ወይ ኢንተርኔት ኣገልግሎት ዝቐርቡ ጥርዓናት ኣብ ምፍታሕ ክንሕግዝ ንኽእል።

## ነጻን ገለልተኛን ኣገልግሎት ወሃብቲ ኢና። እዚ ማለት ገንዘብ ኣይትኸፍሉን ንሕና እውን ኣይነዳሉን።

**ናይ ተሌኮሚኒኬሽን ኢንዳስትሪ ጥርዓን ሰማዒ ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ:**

- **ኮንትራክታት:** ንዘይረኸብኩምዎ ካልእ ነገር ተስማዕሚዕኩም ኔርኩም ዲኹም?
- **ቢላት:** እቲ ጸገም ናቲ ቢል ድዩ ወይስ ኣብ ምኽፋል እዩ እቲ ጸገምኩም?
- **ስሕተታትን ናይ ኣገልግሎት ኣጸጋምነትን:** ተሌፎንኩም ወይ ናይ ኢንተርኔት ኣገልግሎት ኣይሰርሕን ዘሎ?
- **ናይ ርክብ ምቁራጽ:** ተሌፎንኩም ወይ ኢንተርኔትኩም ተቐሪጹ ድዩ?
- **ናይ ዕዳ ምእካብ:** ዘይናትኩም ዕዳ ንክትከፍሉ ትሕተቱ ኣለኹም ዲኹም?
- **ናይ መሸጣ ተግባራት:** ዋግኡ ዘይትኅእልዎ ትልሚ ወይ ኣቕሓ ክትከፍሉ ዶ ተሓቲትኩም ኢኹም?

## ምሳኹምን ምስ ኣቕረብትኹምን ከመይ ምስራሕ ይከኣል

ንስኹም፣ ወይ እቲ ትጽውዕዎ ዘለኹም ሰብ፣ ተሌፎን ወይ ኢንተርኔት ዝጥቀም እንተኾይኑ ክንሕግዘኩም ኢና። ኣብ ገዛ ወይ ኣብ ንእሽተይ ቢዝነስ ዝጥቀም ኣገልግሎት ክኸውን ይኽእል እዩ። ከምዚ እዩ ዝሰርሕ:

1. ነዚ ጥርዓን ምስ ኣቕራቢኹም ክትፈትሕዎ ትኽእሉ።
2. ነዚ ጥርዓን ምስ ኣቕራቢኹም ክትፈትሕዎ እንተዘይክኢልኩም፣ ደውሉልና።
3. ነዚ ጥርዓን ክንፈትሖ ዲና ኣይንፈትሖን ባዕልና ንውስን።
4. ነዚ ጥርዓን ንምፍታሕ ምሳኹምን ምስቲ ኣቕራቢን ብሓባር ንሰርሕ።
5. ንስኹምን እቲ ኣቕራቢኹምን እንተዘይተስማዕሚዕኹም፣ እቲ ጥርዓን ሰማዒ ነዚ ጥርዓን ከመይ ከምዝፈትሖ ክውስን ይኽእል እዩ።

## ሰብ ክሕግዘካ ምግባር

ካልእ ሰብ ንዓኹምን ወይ ንቢዝነስኩም ወኪሉ ክጠርዐልኩም እውን ክትሓትቱ ትኽእሉ ኢኹም ፣ ከም መሐዛ፣ ናይ ቤተ ሰብ ኣባል ወይ ናይ ፋይናንስ ካውንስለር። ንናይ ውክልና ቅጥዒታት ብተሌፎን ሕተቱ ወይ ኣብ ዌብሳይት ርኸብዎም።

## ርኸቡና

ብዌብሳይትና ኣቲኹም ጥርዓን ክተቕርቡ ትኽእሉ ኣብ www.tio.com.au ወይ ናብ **1800 062 058** ብምድዋል።

ናብ PO Box 276, Collins Street West, VIC 8007 ደብዳበ ትልእኹ ወይ ናብ 1800 630 614 ፋክስ ግበርዎ።

ካብ ኢንግሊሽ ወጻኢ ካልእ ቋንቋ እንተደሊኹም፣ ናብቲ ናይ ትርጉምን ምስትርጓምን ኣገልግሎት ብ **131 450** ደውሉ ምሳና ንክትዘራረቡ ክሕግዙኹም እዮም። ነጻ ኣገልግሎታት እዮም።

ልዕል ክብል ናብ ዘሎ ቁጽሪ ሞባይል ተሌፎን ምድዋል ከፍሊት ክህልዎ ይኽእል እዩ።

Telecommunications Industry Ombudsman